**Eritreischer Verein 2 010 für Menschen mit  Behinderung e.V.**

**Eritrean Disabled Association**
**ማሕበር ኣካለ ጽጉማን ኤርትራ**

# ፍሉይ ምስጋና

ደቂ ሰባት ካብ ቅዱስ ሕልናኦም ተበጊሶም፤ ንሰናይ ትምኒቶምን ድሌቶም ንምፍጻም ንውጹዓት ኣካላት ሕብረተ-ሰቦምን፣ ብጾቶምን ንምርዳእ በቲ ዘለዎም ዓቕሚ ክጽዕሩን ክተሓባበሩን ትርኢ ኢኻ። ከምዚ ዝኣመሰለ ሰናይ ድልየትን ኒሕን ክትርኢ ኰሎኻ ድማ ንሰማዒኡን ራኣይኡን እውን ኣዝዩ ደስ ዘብል ኰይኑ ትረኽቦ። ናይ ሎሚ ምስጋናና ካብ ኩሉ ፍሉይ ዝገብሮ ግን፡ ነቲ ጉልበታውን፣ ኣእምሮኣውን፣ ንዋታውን ጻዕርታት ዘጥፈኣሉ ንብረት/መጻሕፍቲ፡ ሓው ግርማይ በኹረ ንውልቃዊ ረብሓኡ ከይጠመተ፤ ሓጋዝን ረዳእን ዘይብሎም ኣካለ ስንኩላን ብጾቱ ምህላዎም ከይዘንግዐ ብርኩት ሓገዝ ምውፋዩ ኢዩ። እዚ ከኣ ነቶም ከምዚ ዝኣመሰለ ኣተሓሳስባን ሕልናን ዘለዎም ንእግረ መንገዱ መተባብዕን መዘኻኸርን ዝኸውን ትምህርቲ እዩ።

ሓው ግርማይ ቦኹረ ተቐማጣይ ከተማ ቦስቶን ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፤ ንዝሓተሞ ናይ ስዉእ ጀግና ተጋዳላይ መልኣከ ተኽለ ታሪኽ ህይወት መጻሓፍቲ ሸያጥ ውጽኢት፤ ኣብ ኣገልግሎት ማሕበር ኣካለ ጽጉማን ኤርትራ ንኽውዕል €1.280.00 ( ሓደ ሽሕን ክልተ ሚእቲን ሰማንያን ኤውሮ) ንማሕበር ኣካለ ጽጉማን ኤርትራ ጨንፈር ጀርመን ኣወፊዩ፣ ዛጊት ኣብ ሳጹን ማሕበር ኣታዊ ከምዝኾነ እንዳሓበርና ንስለቲ ሰናይ ተግባሩ ኣመስጊና ንኣመስገንቲ ክህቦ ንፈቱ።

ብዘይካ እዚ፡ ሓው ግርማይ ቦኽረ ብተመሳሳሊ ንማሕበር ኣካለ ጽጉማን ኤርትራ ጨንፈር ሰሜን ኣመሪካ ኣበርኪቱ ከም ዘሎ ሓበሬታ በጺሑና ምህላዉ እንዳገለጽና፣ ወጽኢቱ ብወገኖም ከቃልሕዎ ምኧኖም ኣይንስሕቶን።
ንዝገበረልካ ግበረሉ ወይ ንገረሉ ስለዝኮነ ድማ፡ ማሕበር ኣካለ ጽጉማን ኤርትራ ጨንፈር ጀርመን፡ ንሓው ግርማይ ቦኹረ ስለቲ ሰናይ ግብሩ፡ ብስም ማሕበርን ሓገዙ ብዝበጽሖም ጽጉማትን ልባዊ ምስጋናና ነቕርብ።

ማሕበር ኣካለ ጽጉማን ኤርትራ
ጨንፈር ጀርመን
29.12.2018